ምስ ስደተኝነት ርክብ ዘለዎም ዘይግቡእ ኣሰራርሓታት ምደባ ስራሕ ፍሉይ ካውንስል ቤት ጽሕፈት

ሚኒስትሪ ፍትሒ ኣሜሪካ - ክፍሊ ሲቪላዊ መሰላት መብቶች ክፍል

# ስደተኛታትን ዕቑባ ሓተትቲን፡- ብዛዕባ ቕጥዒ 1-9 እንታይ ክትፈልጡ ትደልዩ

ኣብ ውሽጢ ሕቡራት ግዝኣታት ኣሜሪካ ኣብ ስራሕ ንምውፋር ፍቓድ ከምዘለኩም ንምርግጋጽ ዘገልግል ቕጥዒ መንግስቲ ዝኾነ "ቕጥዒ I-9" ክትመልኡ ኣለኩም። ***ነቲ ሕጊ ኣብ ግብሪ ዘየውዕሉ ኣሰረሕቲ ኣባኹም ኣፈላላይ ክፍጽሙ ይኽእሉ እዮም።***

### *ንቕጥዒ 1-9 ክፍሊ 1 ንኣኹም ዝምልከቱ ሓበሬታታት ክተቕርቡ ኣለኩም።*

- ስደተኛታትን ዕቑባ ሓተትቲን "ናይ ስራሕ ፍቓድ ዝተውሃቦም ወጻእተኛታት" ከምዝኾኑ ይእመን። ስራሕ ንምስራሕ ዘኽእል ቀዋሚ መሰል ስለዘለኩም ዝተውሃበኩም ናይ ስራሕ ፍቓድ እዋን ኣገልግሎት ዝዛዘመሉ ዕለት ኣብዝብል ቦታ "N/A" ("Not Applicable") ማለትውን ("ግቡእነት ዘይብሉ") ኢልኩም ክትጽሕፉ ኣለኩም።
- ክተቕርቡዎ እትደልዩ ቊጽሪ ምዝገባ ስደተኝነት ከይኾነስ I-94 ቊጽሪ መእተዊ እንተድኣ ኮይኑ፤ ፓስፖርት እንተሓሊዩኩም ኣብቲ ፓስፖርት ዝርከቡ ሓበሬታታት ክተቕርቡ ኣለኩም። ፓስፖርት እንተዘይብልኩም ናይ ፓስፖርት ሓበሬታታት ኣብዝብል ቦታ "N/A" ማለትውን ግቡእነት ዘይብሉ ኢልኩም ክትጽሕፉ ኣለኩም።
- ናትኩም I-94 ካርድ ሕንጻጽ ምስ ዝተገበረሉ ቊጽሪ ብኢድ ዝተጽሓፈ ቊጽሪ ዘለዎ እንተኾነ እቲ ብኢድ ዝተጽሓፈ ቊጽሪ ናትኩም I-94 ቊጽሪ እዩ።

### *ንቕጥዒ 1-9 ክፍሊ 2 መንነትኩምን ናይ ስራሕ ፍቓድ ከምዘለኩም ዝሕብሩን ሰነዳት ነቲ ኣሰራሒ ክተቕርቡ ኣለኩም።*

- ቕጥዒ I-9 ተቐባልነት ናይ ዘለዎም ሰነዳት ሰለስተ ዝርዝር ኣለዎ። እዚኦምውን – ዝርዝር ሀ (መንነትን ናይ ስራሕ ፍቓድን ብሓባር ዝሕብሩ ሰነዳት)፣ ለ (መንነት ዝሕብሩ ሰነዳት) ከምኡውን ሐ (ናይ ስራሕ ፍቓድ ዝሕብሩ ሰነዳት) እዮም። ኣብ ዝርዝር ሀ <u>ሓዲኡ</u> ሰነድ <u>ወይ ኸኣ</u> ካብ ዝርዝር ለ ሓደን ካብ ዝርዝር ሐ ሓደ ሰነድ ብሓባር ብምግባር ምርጫኹም ክተርእዩ ወይ ክተፍልጡ ኣለኩም።
- ብስቴት ዝተውሃበኩም መለለይ ካርድ ወይ ታሴራን ደረት ኣልቦ ናይ ማሕበራዊ ውሑስነት ካርድ እንተሓሊዩኩም እቲ ኣሰራሒ ናይ ስራሕ ፍቓድ ሰነድ ንኽተርእዩዎ ክሓተኩም ኣይኽእልን።
- ስደተኛ እንተኾይንኩም፤ ናትኩም I-94 ስራሕ ካብ ዝተቖጸርካሉ ዕለት ጀሚሩ ን90 መዓልቲ ዘገልግል ወይ ዝሰርሕ ናይ ዝርዝር ሰነድ እዩ። ድሕሪ 90 መዓልቲ ካብ ዝርዝር ሀ ኻሊእ ሰነድ ወይ ኸኣ ካብ ዝርዝር ለ ሓደ ሰነድን ካብ ዝርዝር ሐ ሓደ ሰነድን ብሓባር ክተርእዩ ኣለኩም።
- መሰል ዕቑባ ሓተትቲ እንተኾይንኩም፤ ናይ I-94 ሰነድኩም ኣብ ውሽጢ ዝርዝር ሐ ከምዝተጠቀሰ ወይ ከምእተሓበረ ሰነድ ክትጥቀሙሉ ትኽእሉ ኢኹም።

### *እቲ ኣሰራሒ ሰነዳት ዳግማይ ክሓተኩም ዝኽእል ኣብ ገለ ወይ ውሰን ኩነታት ጥራሕ እዩ።*

- ንክፍሊ 2 ናይ ስራሕ ፍቓድ ሰነድኩም እንተርኢኹም ናይ ስራሕ ፍቓድ ሰነድኩም እዋን ኣገልግሎት ክዛዘም ከሎ እቲ ኣሰራሒ ኻሊእ ሰነድ ንኽተርእዩ ይሓተኩም። እዚ ሕቶ ክቐርበልኩም ኮሎ እዋን ኣገልግሎቱ ዘይተዛዘመ ሓደ ሰነድ ካብ ዝርዝር ሀ <u>ወይ ኸኣ</u> ካብ ዝርዝር ሐ ንኣብነት ደረት ኣልቦ ናይ ማሕበራዊ ውሑስነት ካርድ ከም ድሌትኩም ነቲ <u>ሓደ</u> ሰነድ ክተርእዩ ትኽእሉ ኢኹም። ናይ ስራሕ ፍቓድ ሰነድ ዳግማይ ክተርእዩ የብልኩምን።
- ንክፍሊ 2 ኣብ ውሽጢ ዝርዝር ለን ዝርዝር ሐን ዝተጠቐሱ ንኣብነት ናይ ስቴት መለለይ ካርድ ወይ ታሴራን ደረት ኣልቦ ናይ ማሕበራዊ ውሑስነት ካርድ ዝኣምሰሉ ሰነዳት እንተርኢኹም ናይ ስራሕ ፍቓድ ሰነድኩም እዋን ኣገልግሎት እንተድኣ ተዛዚመውን እቲ ኣሰራሒ ሰነድኩም ንኽተርእዩ ዳግማይ ክሓተኩም <u>የብሉን</u> ወይ ክሓትት ኣይኽእልን።

### *ስራሕ ንምጅማር ናይ ማሕበራዊ ውሑስነት ቊጽሪ ክተቕርቡ ግድን ኣይኮነን።*

- እቲ ኣሰራሒ ኣብቲ እዋን ናይ ማሕበራዊ ውሑስነት ቊጽሪ እንተዘይብልኩምውን ናይ ስራሕ ፍቓድን ክፍሊትን ክህበኩም <u>ኣለዎ</u>።
- ኣብ ስራሕ ተዋፊርኩም ንጥፈት ክትጅምሩ ከለኹም ነቲ ቊጽሪ እንተዘይሓዝኩም ኣብ ክፍሊ 1 ዝርከብ ናይ ማሕበራዊ ውሑስነት ቊጽሪ ሳጹን ከምዘሎ ባዶ ግደፉዎ። እቲ ኣሰራሒ ብናይ ስራሕ መረጋገጺ (E-Verify) ዝጥቀም እንተኾነውን ከምኡ ክትገብሩ ኣለኩም።

**ብዛዕባ ቕጥዒ 1-9 ከምኡን ብዛዕባ ኩነታት ኣፈላላይ ተወሳኺ ሕቶ እንተሓሊዩኩም ክፍሊት ብዘይጠልብ ቊጽሪ ተሌፎንና 1-800-255-7688 ደውሉ ወይም ናባና መርበብ ሓበሬታ [www.justice.gov/crt/about/osc](http://www.justice.gov/crt/about/osc) ብጽሑ። ንናይ ወጻኢ ቋንቋ ኣስተርጎምቲ ኣለውና።**


ከስደተኝነት ጋር የተገናኙ ተገቢ ያልሆኑ የቅጥር አሰራሮች ጉዳይ ልዩ ካውንስል ጽ/ቤት

ለሰራተኛ ነጻ የስልክ ቊጽሪ፡-**1-800-255-7688 (**ሰኑይ **-**ዓርቢ**, 9am-5pm ET)** አስተርጓሚዎች አሉን

**http://www.justice.gov/crt/about/osc/**


Tigrinya